# ኤርትራውያን
# ኣብ ኦክላንድን ከባቢኣን፣
## ክመጽእ ንዝኽእል ተጻብኦ፣
## ከይመጸ ከብርዕንዎ ወሲኖም።

ብ14 ጥሪ፣ ኣብ ኦክላንድ ካሊፎርንያ ዝተኻየደ ሰፊሕ ናይ መኽተ ሰሚናር፣ ተጻባእቲ ህዝቢ ኤርትራ፣ በቲ ክሳብ ሕጂ ኣብ ልዕሊኡ ብዘይ ምቍራጽ ክሕንሕን ዝጸንሐ ተጻብኦታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ብሕጂ'ውን ካላእ ቶንኮል ክምዝመጽእ ብምግማት፣ ኣቐዲሙ ዘድሊ መጽናዕትን ምክትታልን ብምግባር፣
ከይተበገሰ ከሎ ከብርዕኖ ከምዝግባእ ዘትዩ።
ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ከምዝሕብሮ፣ ገዛእቲ ስርዓታት ብዘይምቑራጽ ንነጻነቱ ክኾልፉ፣ ሰብኣዊ መሰሉ ገፊፎም ከንበርክኽዎ ካብ ዝፍትኑ፣ መዋእል ኮይኑ'ሎ። ክሳብ ሕጂ እናፈሸለ ብምምጽኡ፣ ፈጊዶም ከምዘየቋርጹ ብምእማት፣ ንሕና ዘድሊ ቅድመ ምድላዋት ጌርና ከነፍሽሎ ንተዓጠቕ ዝብል ጸዋዒት ኣማሓላሊፎም።

እዚ ውሳኔ ዘማሓላለፍዎ፣ ምስ ዶር. በርሀ ሃብተጊዮርጊስ ኣብ ዝተኻየደ ህዝባዊ ሰሚናር ኢዩ። እቶም ካብ ኩለን ከተማታት በይኣረያ ዝተኣከቡ ዜጋታት፣ መስርዕና ዳግም ወዲብና፣ ሎሚ ከም ትማሊ ንዓወት መኽተና ብቆራጽነት ክንቃለስ ኢና ኢሎም።